# "ብስራት"

ብሓልዮት ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን (ብ.ሕ.ወ.) ተሰናዲኡ ዚቐርብን ዚዝርጋሕን መጽሄት እዩ።

ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፡ ዚተፈላለዩ ጽሑፋትን መጽሕፍትን፡ ብሓባርን ብግልን ኺምሃሩ ንዚደልዩ፡ ደገፍቲ ዚኾኑ ዓይነ-ንስርታት፡ ብቛንቋ ትግርኛ ኣዳልዮም ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዘርከብ ህዝቦም ንምውፋይ ይጽዕቱ። ከምኡ'ውን መጽሓፍ ቅዱስ ይዝርግሑ።

ኣብ ልዕሊ'ዚ፡ ኣገልግሎት ተይፕን ቪድዮን ድማ ብቛንቋ ትግርኛ ኣዳልዮም የበርክቱ። ምስ'ናይ እዚ፡ ብኢንተርነት፡ ብትግርኛ፡ ተዳልዩ ዚቐርብ ትምህርትታን ኣድላዪ ሓቤሬታትን ድማ የሰናድኡ።

ኣሰናዳእቲ፡
ሰዩም ዘ. ተስፋጽዮን
መም ተኪአ መብራህቱ

| ብስራት ሕታም ቁጽሪ 56 | | |
|---|---|---|
| ትሕዝቶ | | ገጽ |



| | | |
|---|---|---|
| 1 | ከብዲ 'ደ ቀላይ . . . . . . . . . . . . . | 1 |
| 2 | ንሓጢኣትና ጸሮ 2ይ . . . . . . . . . | 5 |
| 3 | ጸራቅሊጦስ ኣብ . . . . . . . . . . . | 11 |
| 4 | ዋዛ ምስ . . . . . . . . . . . . . . . . . . | 14 |
| 5 | ሃዋርያት ኣብ . . . . . . . . . . . . . . | 15 |
| 6 | ኣተኩሮ ኣብ . . . . . . . . . . . . . . | 18 |
| 7 | ምስክረይ . . . . . . . . . . . . . . . . . | 20 |
| 8 | ኣበይ ኰን ይህልዉ? . . . . . . . . | 22 |
| 9 | ቅድም መንግስቱ . . . . . . . . . . . | 25 |
| 10 | ምጽንናዕ መንፈስ ቅዱስ . . . . . | 29 |
| 11 | ኣብርሃም . . . . . . . . . . . . . . . . . | 33 |



ስም ዘይብሉ ጽሑፍ/ዓምድን
ብኣሰናዳኢ/እቲ

# ከብዲ 'ደ ቀላይ . . .

"ደገኛ ሰበይትስ መን ይረኽባ? . . . . **ደቃ** ይትንስኡ ብርኽቲ ኸኣ ይብሉዋ፡ **ሰብኣያ** ድማ፡ ብዙሓት ኣንስቲ ጽቡቕ ዝገበራ ኣለዋ፡ ንስኺ ግና ንዅላተን ትበልጽየን፡ ኢሉ ይንእዳ" (ምሳሌ 31፡10ሀ 28-29)።

ኺትንስእ ዘይግብአ ሕቶ እኳ እንተኾነ፡ ሎሚኸ ከምዚም ደቂ እዚኣቶምን ከምዚ ሰብኣይ እዝንሲ ኣለውዶ ዘብል እዋንዶ ኣይኰነን?

ኣብ ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣብ ዓመት ሓንሳእ፡ **መዓልቲ ኣዴታት** ተባሂላ ንኽትውዕል ዚተፈልየት መዓልቲ ኣላ፤ ሎም ዘበን ከኣ ግንቦት 10 ውዒላ። ምስ ንግዳዊ ረብሓ ዝተተሓሓዘ እኳ ድኣ ይኹን እምበር፡ እቲ ሓሳብ፡ ንብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ኣዲኦም ንኺሓስቡ፡ ብዛዕባ እተን ዚሓለፋ፡ ስለ እቲ ዅሉ ዚገበራሎም ኬስተንትኑ፡ ብዛዕባ እተን ብህይወት ዘለዋ ኸኣ፡ ገለ ባህ ዜብለን ነገር ኺገብሩለን፡ ህያብ ኪህብወን፡ ምስኣን ሓቢሮም ኪበልዑን ኪሰትዩን ኪጻወቱን ዚውዕልሉ መዓልቲ፡ ከም ዓቢ ጸጋ ገይሮም ዚወስድዎ ኰይኑ ይረኽብዎ።

ልክዕ ነታ ዚበላ ኽደግማስ፡ ሓደ እዋን፡ ሓደ ዝፈትዎን ዘኽብሮን ሰብ፡ ብዛዕባ ኣዲኡ ኺዛረብ ከሎ፡ "ኣደይ ናተይ ጅግና ... Hero! She really is my hero!" ይብል። ኣበሃህልኡ ኣብ ብርቱዕ ስምዒት ዝተሰረተ ሓበን ዚመልኦ እዩ እሞ፡ እተን ቃላቱ ከም ቃጭል ኣብ ኣእምሮይ ኣሰር ንጹር ድምጺ ገዲፈን። እቲ ታሪኽ ምስ ኣካፈለኒ ኸኣ ምኽንያት ኣበሃህልኡ ኺበርሃለይ ክኢሉ።

ሓደ ኻልእ ሰብ ድማ፡ እናስተንተነ፡ "ኣደይ ተመሊሳ ሓንቲ ሰዓት ምስኣ ንኼሕልፍሲ ሓሙሽተ ዓመት ካብ ዕድመይ ምሃብኩ" ይብል። እቲ ብዛዕባ ኣዲኡ ዘለዎ ናፍቖት ድኣ'ዩ እምበር፡ እተን ዚብለን ዘሎ ሓሙሽተ ዓመታት'ውን ናቱ ከም ዘይኰናስ ዚርድኦ ሰብ እዩ። እሞ፡ብወገነይ፡ እቲ ኸምኡ ዜበሎ ዘሎ ንኺትርድኦ ከቢድ ኰይኑ ኣይረኸቦን።

እዞም ዝጠቐስናዮም ክልተ ሰባት፡ ብርቱዕ ስምዒት ብዛዕባ እዴታቶም ኺሓድሮም ዚገበረ ምኽንያት ብርግጽ ኣሎ። እንተኾነ እውን፡ ሽሕ እኳ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኵነታት ፍሉይ እንተኾነ፡ ብሓፈሻኡ፡ ሓደ ሰብ እቲ ብዛዕባ ወላዲቱ ዘለዎ ስምዒት ንጹር፡ ኣተሓሳስባኡ ድማ ሓያል ኪኸውን ዚገብሮ እቲ ንዅሉ ዚዓቍርን ዚጸውርን መስዋእታዊ ፍቕሪ ወላዲት እዩ።